ሃገራዊ ዋዕላ National Conference ملتقى الحوار الوطني
ንዲሞክራስያዊ ለውጢ For Democratic Change للتغيير الديمقراطي

## ዝወዓለ ይንገርካ ዝሰሓተ ይምከርካ!!

## ኣገዳሲ ህዝባዊ መጸዋዕታ ኣብ እስቱትጋርት።

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን ወጹዓት ተቓላስቲ ህዝቢ ኤርትራ!!!
ንዕለት 11/09/2010 ኣብ እስቱትጋርት ሰፊሕ ናይ ህዝቢ ኣኼባ ንኽግበር ሽማግለ ስቱትጋርትን ከባቢኡን ብዓቢ ኣኽብሮት ትዕድም።

ኩልና ብዝተፋላለየ መራኸቢታት ክንካታተሎን ክንቃለሰሉን ከም ዝጸናሕና መጠን ድሕሪ ነዊሕን ሕልኽላኽን ዝመለአ ናይ ውረድ ደይብ ሓጎጽጎጻት ብጽንዓትን መኸተን ተቓለስቲ ህዝብናን ንመሰረታዊ ለውጥን ሓድነትን ኣብ ሃገርና ንምርግጋጽ ዝቃለሳ ፖለቲካዊ ውድባትን፡ ብሄራዊ ውድባትን፡ በርገሳዊ ማሕበራትን፡ ሓርበኛታትን፡ መንእሰያትን፡ ደቂ ኣንስትዮን፡ መራሕቲ ሃይማኖ ትን፡ ዓበይቲ ዓድን፡ ምሁራትን፡ ዘሳተፈ ተሪኻዊ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ብዓወት ከም ዝተዛዘመ ዓቢ ብስራት ንመላእ ሕብረተሰብ ኤርትራ ምዃኑ ብኣካል ንህዝቢ ወኪሎም ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ዝተሳተፉ ኣሕዋት ብሰፊሑ ንህዝቢ ካብ ኣጀማምራ ክሳብ መፈጸምታ ክገልጹ ምዃኖም ንደላይ ሰላምን ራህዋን መሰረታዊ ለውጢ ንምምጻእ ዝቃለስ ዘሎ መላእ ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ብኽብሪ እንዳ ዓደሙ ኣብዚ ታርኻዊ መድረኽ እዚ ኣብ ልዕሊ ህዝብናን ሃገርናን ዝወርድ ዘሎ ጃምላዊ ጥፍኣት ሓቢርና መሰረታዊ ፍታሕ ሓንሳእን ንሓዋሩን ንምንዳይ እንላዘበሉ ኣኼባ ክኸውን ደጊምና ንኹሉ ዕድሜና ብሃገርዊ ሓላፍነት ኣኽቢሩ ብሰዓቱ ክርከብ ብትሕትና ንጽውዕን ነማሕጽንን።

**ናይ ኣኼባ ቀንዲ ዛዕባታት፡**

1ይ፡ መግለጺ ብወከልቲ ህዝቢ ሃገራዊ ዋዕላ፡
2ይ፡ ሕቶን፡ ርእይቶን፡ ለበዋን፡ካብ ህዝቢ፡
3ይ ምስ ግዜ ብምዝማድ ኣብ ዋዕላ ዝተቐርጸ ቪድዮ ምርኣይ።

ቦታ ስቱትጋርት፡
ኣድራሻ፡ Landhaus str. 62 ልዕሊ ክለብ ማሕበር ምትሕግጋዝ ዝነበረ።
ሰዓት 1500። ሰዓት ሰለስተ ድሕሪ ቀትሪ

ምስ ክቡር ሃገራውን ሕውነታውን ሰላምታ!!
ሽማግለ ስቱትጋርትን ከባቢኡን፡
ምስ ወከልቲ ህዝቢ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ።
ክብርን ዝኽርን ንጀጋኑ ሰማእታትና።
24/08/2010